
# ብኣሃዛዊ ኣገባብ ምኽፋል ጀምር



## ቀሊል ናይ መምርሒ ጽሑፍ ናይ ኣይፎን

Länsstyrelserna

# ስለምንታይ እዚ መምርሒ ጽሑፍ?

ኣብዚ እዋን እዚ ብዙሓት ሰባት ኣብ ውሽጢ እዚ ሕብረተ ሰብ ምንቅስቓስን ካልኦት ሰባት ምርካብን ተገሊሎም ኮፍ ኢሎም ስለ ዘለዉ፣ ካብ ዘመናውያን ተሌፎናትን (smarta mobiler) ኣይፓድን (surfplattor) ክትከፍል ናይ ምኽኣል ኣድላይነት ዛይዱ ኣሎ። ነቲ ልምዲ ዘይብሉን ምስኡ ኾይኑ ዝሕግዞ ሰብ ዘይብሉን፡ ነዚ ነገር ምጅማሩ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሽማግለ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ሓደ ቀሊል ንተንቀሳቓሲት ተለፎን ንኣይፓድታትን  ዝኸውን፣ ንኽሊቲኡ ንኣንድሮይድን ኣይፎንን ናይ መምርሒ ጽሑፍ ኣዳሊና ኣለና፣ ተስፋ ንገብር ሓጋዚ ንኽኸውን ድማ።

እዚ ናይ መምርሒ ጽሑፍ ንኣዝማድን ሰራሕተኛታት ክንክንን ሓልዮትን እውን ሐገዝ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እዚ መምርሒ ካብ ናይ ተንቀሳቓሲት ተሌፎን ዓይነት ኣይፎን መሰረት ብምግባር ዝተጻሕፈ እዩ። ናይ ካልኦት ዓይነት ተንቀሳቓሲ ተሌፎናት እውን ሓደ ዓይነት ኣገባብ ኮይኑ ግን ቁሩብ ዝተፈለየ ክመስል ይኽእል እዩ።

**ትሕዝቶ**


ስለምንታይ ናይስ መምርሒ ጽሑፍ? 2


1. ሓደ ኣፕል-ኢደ (Apple-ID) ዝብሃል ሕሳብ ክፈት 3

2. ናይ ባንክ ኣፕን ሞቢልት ባንክኢደን ኣውርድ 13

3. ነቲ ብስዊሽ ክፈል ዝብል ኣውርዶ 26


4. ናይ ድሕነት ሓበሬታ ካብ ፖሊስ 37

# 1. ሓደ ኣፕል-ኢደ (Apple-ID) ዝብሃል ሕሳብ ክፈት




ኣፕል-ኢደ ነቶም ኣብ ተንቀሳቓሲት ተሌፎንካ ዘለዉ ከም ኢንተርኔትባንክ፡ ባንክኢደን ስዊሽን ዝኣመሰሉ ኣፓት (ምውዐላ) ብመገዲ ኣገልግሎት ኣፕ ስቶር ንኸተውርዶም የድሊ እዩ።


1. ኣብቲ “Inställningar” ዝብል ጽቕጥ ናብ ክወና ንምኻድ።




2. ኣብቲ “Logga in på iPhone” ዝብል ጽቕጥ።



ኣብ ላዕሊ ሓደ ሕሳብ እንተ ተራእዩ፡ ሓድሽ ሕሳብ ምኽፋት ኣየድልየካን እዩ። ናብ ክፋል ክልተ ኣብ ገጽ 13 ዘሎ ክትቕጽል ትኽእል ኢኻ።




3. ኣብዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ጽቐጥ፤
"Har du inget Apple-ID eller har du glömt det?".



4. ኣብ “Skapa Apple-ID” ጸቕጥ።





5. ነቲ ናይ ትውልዲ ዕለት ኣስተካኽሎ።
ምስ ወዳእካ ኣብቲ “Nästa”
ዝብል ጸቕጥ።




6. ስምካን ስም ኣቦኻን ጽሓፍ። ድሕሪኡ ኣብቲ “Nästa” ዝብል ጠውቕ።





7. ሓደ ዘለካ ኢ-መይል ኣድራሻ ምረጽ ወይ ሓደ ናይ ኣይክላውድ ኢ-ምይል ኣድራሻ ኣዳሉ (ይምከር)።




8. እቲ ትደልዮ ኢ-መይል ኣድራሻ ምላእ።
ኣብቲ “Nästa” ዝብል ጽቐጥ።




9. እዛ ኢ-መይል ኣድራሻ ናትካ
ኣፕል-ኢዲ ክትከውን እያ።
ኣብቲ “Fortsätt” ዝብል ጽቐጥ።




10. ነቲ ናትካ ቃል-ምስጢር (lösenord) ክልተ ግዜ ምልኣዮ። ምስ ወዳእካ ኣብቲ "Nästa" ዝበል ጽቐጥ።





11. ቍጽሪ ተሌፎንካ ምልኣዮ። ድሕሪኡ ኣብቲ "Fortsätt" ዝበል ጽቐጥ።



12. ነቲ ኩነታት ውዕል ገዛጺልካ ርአዮ። ኣብቲ “Godkänn” ዝብል ጽቐጥ።




13. ነቲ ኩነታት ውዕል እንደገና ተቐበሎ።



14. ሕጂ ክትኣቱ ኢኻ።





15. ናይ ተንቀሳቓሲት ተሌፎንካ ቃል-ምስጢር (lösenordet) ጽሓፍ።



16. “Slå ihop“ ምእንቲ ምናልባት ተንቃሳቓሲት ተሌፎንካ እንተ ጠፍኣትካ ወይ ለዊጥካያ፡ ንርክባትን (ኣድራሻታት ናይ ዝመዝገብካዮም ሰባት) መርበብ ሓበሬታትን ኣብቲ ናይ ኣፕል-ኢደ ሕሳብ ይጽንብሮም።




17. ሕጂ እቲ ምኽዋን ናይ ኣፕል-ኢደ ተወዲኡ ኣሎ። እቲ ሕሳብ ኣብ ክወና (inställningar) ክርኣ ይኽእል እዩ።



# 2. ናይ ባንክ ኣፕን ሞቢልት ባንክ ኢደን ኣውርድ



**ክልተ ነገራት ክነልዕል ኢና**


A. ንባንክ ኣፕ ከመይ ጌርካ ከም ተውርዶን ቦታ ተትሕዞን 14

B. ንሞቢልት ባንክ ኢደ ከመይ ጌርካ ከም ተውርዶን ቦታ ተትሕዞን 21

# A. ንባንክ ኣፕ ከመይ ጌርካ ከም ተውርዶን ቦታ ተትሕዞን


ናይ ተንቀሳቓሽስቲ ተሌፎናት ባንክ ኣፓት (mobila bank-appar) ዝህባ ባንክታታ እዘን ዝስዕባ እየን፤

- ዳንስክ ባንክ
- ሃንደልስባንከን
- ኢካ ባንከን
- ሌንስፎሽክሪንጋር ባንክ
- ኖርድያ
- ኤስኤበ
- ስካንድያባንከን
- ስፓርባንከን ስይድ
- ስወድባንክ
- ኦላንድስባንከን


ናይዘን ባንክታት ኣፓት ኣብ ኣፕ ስቶር ትረኽቦም። ባንክ-ኣፕ ከተውርድ ከለኻ ከመይ ከም ትገብር ኣብ ቀጻሊ ገጽ ክንሕብር ኢና።

# ኣብ ተንቀሳቓሲት ተሌፎንካ ስጉሚ ብስጉሚ ከመይ ጌርካ ባንክ-ኣፕ ከም ተውርድን ቦታ ከም ተትሕዝን ኣብ ታሕቲ ክርአ እዩ


1. ነታ "App Store" ዝብል ጽሑፍ ዘለዋ ምስሊ "A" ጽቐጥ።




2. ናይ ባንክኻ ስም ጽሒፍካ ድለ።





3. ንኣብነት፤ ኣነ ኣብዚ
መስመር ብምጽቃጥ ኖርደያ
ሞቢልባንክ (mobilbank)
ዝብል መሪጸ ኣለኹ።




4. ኣብቲ “HÄMTA” ዝብል ጽቕጥ።




5. በቲ ናትካ “Apple-ID”
(ኣፕልኢደ) እቶ።




6. ነቲ “Öppna” ክፈት ዝብል ጽቐጥ።




7. ነቲ “Tillåt” ኣፍቅድ ዝብል ጽቐጥ።



8. ብኤ-ኮድ (መንበቢ ካርድ) (e-kod (kortläsare) ወይውልቃዊኮድ(personlig kod) ምእታው ምረጽ።




9. ኤ-ኮድ እንተ ኳንካ መረጽካ፡ ውልቃዊ ቍጽሪ መንነትካ (personnummer) ጽሒፍካ ኣብቲ "Logga in" ዝብል ጽቐጥ።



10. ንናይ ባንክ ካርድኻ ብምእታው ነታ መንበቢት ኣበግሳ። ድሕሪኡ ነቲ መምርሒ ተኸቲልካ ከም ትኣቱ (inloggad) ግበር።








# B. ንሞቢልት ባንክኢደ ከመይ ጌርካ ከም ተውርዶን ቦታ ተትሕዞን

ብተንቀሳቓሲት ተሌፎንካ ክትከፍል ንኽትክእል ሓደ ኣሃዛዊ መንነት (digital legitimation)፡ ኤ-መንነት (e-legitimation) ዝብሃል የድልየካ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ሰለስተ ቅቡላት ዝኾኑ ኤ-መንነት ኣሎዋ፤ ባንክኢደ ካብ ባንክታት፡ ኣበ ስሸንስካ ፓስ ከምኡ'ውን ፍረያ ኤኢደ+ ኣብ ምኽፋል እቲ ዝውቱር እቲ ብመገዲ ኢንተርኔት ካብ ባንክኻ ትእዝዞ ሞቢልት ባንክኢደ እየ።


ክሳብ ሕጂ ኣብ ኢንተርኔት ናይ ባንክ ኣገልግሎት ንምርካብ ተኽእሎ እንተ ዘይብልካ ኾይኑ፡ ንምጅማሩ ናይ ግድን ናብ ባንክኻ ክትበጽሕ ኣለካ። ነዚ ምስ ገበርካ፡ እዚ ናይ መምርሒ ጽሑፍ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ።




1. ነታ “App Store” ዝብል ጽሑፍ ዘለዋ ምስሊ “A” ጽቐጥ።





2. ኣብቲ ናይ መድለዪ ሳጹን “Mobilt BankID” ኢልካ ጽሓፍ።



3. ኣብቲ መስመር ብምጽቃጥ ምረጽ።




4. ኣብቲ "Hämta" ዝብል ጸቕጥ፡
ድሕሪኡ ኣብቲ "Öppna"
ዝብል ጸቕጥ።



5. ኣብቲ ናትካ ኢንተርኔትባንክ ኣቲካ ንሞቢልት ባንክኢደ ኣዝዝ። ኣየናይ ባንክ ከም ዘለካ ተመርኰሱ፡ ኣብቲ ኢንተርኔት-ባንክ ቁሩብ ዝተፈላለየ ክመስል ይኽእል እዩ። ጸገም እንተ ኣጓኒፉካ፡ ምስ ባንክኻ ርክብ ግበር። ድሕሪኡ ኣብታ ናትካ ተንቀሳቓሲት ተሌፎን ኣብቲ “Hämta BankID” ዝብል ጽቐጥ።





6. ውልቃዊ ቊጽሪ መንነትካን (personnummer) ነቲ ካብ ናትካ ኢንተርኔትባንክ ብመገዲ ኤስኤምኤስ ዝመጸካ መነጣጠፊ ኮድን ምልኣዮ።




7. እንተ ወሓደ 6 ኣሃዝ ዘለዎ ናይ መንነትካ መረጋገጺ ኮድ ምረጽ። ዳሕራይ ብናይ ባንክኢደ መንነትካ ንምርግጋጽ ነዚ ኮድ እዚ ኢኻ ክትጥቀም።




8. ነቲ ናትካ ኮድ ብምጽሓፍ ነቲ ሞቢልት ባንክኢደ ፈትኖ። ድሕሪኡ ኣብቲ “Legitimera” ዝብል ጸቐጥ።



# 3. ንስዊሽ ኣውርድን ብእኡ ክፈልን





**ነዚ ዝስዕብ ከነልዕል ኢና**



| | | |
|---|---|---|
| A. | ስዊሽ ኣፕ ኣውርድ | 27 |
| B. | ብስዊሽ ጌርካ ክፈል | 29 |
| C. | ነቲ ክፍሊት ንኽፍጸም ኣፍቅድ | 30 |
| D. | ብስዊሽ ክፈል - ተወሳኺ ብልሓት | 31 |
| E. | ስዊሽ - ታሪኽ (Historik) | 33 |
| F. | ክወና (Inställningar) - ፍቱዋት፡ እቶም ብስዊሽ ምኽፋል ተዘውትረሎም | 34 |

# A. ስዊሽ ኣፕ ኣውርድ


1. ነታ "App Store" ዝብል ጽሑፍ ዘለዋ ምስሊ "A" ጽቐጥ።




2. ኣብቲ ናይ መድለዪ ሳጹን ስዊሽ ኢልካ ጽሓፍ፡ ኣብቲ ድሉ ዝብል ጽቐጥ፡ ምስ ተቐልቀለ ብመሰረት እቲ መምርሒ ንስዊሽ ኣውርዶ።




3. ነቲ ስዊሽ ምስ ሓደ ቊጽሪ ናይ ተንቀሳቓሲት ተለፎን ከተተሓሕዞ ኣለካ። ንመጀመርታ ግዜ ነቲ ናይ ስዊሽ-ኣፕ ክትከፍቶ ከለኻ፡ ከመይ ከም ትገብር መምርሒ ክወሃበካ እዩ። እታ ናይ መጀመርታ ስጉሚ፡ ኣብ ናትካ ኢንተርኔትባንክ ምእታው እዩ። ኣየናይ ባንክ ከም ዘለካ ተመርኰሱ፡ ኣብቲ ኢንተርኔት-ባንክ ቁሩብ ዝተፈላለየ ክመስል ይኽእል እዩ። ጸገም እንተ ኣጋኒፉካ፡ ምስ ባንክኻ ርክብ ግበር።



# B. ብስዊሽ ጌርካ ክፈል

1. ነቲ ናይ ስዊሽ-ኣፕ ክፈቶ፡ ድሕሪኡ ኣብቲ "Swisha" ዝብል ጽቐጥ።





2. ናይ ተንቀሳቓሲት ተሌፎን ቍጽሪ ጽሓፍ ወይ ነቲ ናይ ርክብ ዝርዝር (kontaktlista) ንቕድሚት ኣውጺእካ ካብኡ ንምሕራይ ኣብቲ ናይ ድምር ምልክት ጽቐጥ።

   መጠን ገንዘብ ምላእ።


   መልእኽቲ ጽሓፍ (እንተ ደሊኻ፡ ናይ ግድን ኣይኮነን)

   ኣብቲ "Swisha" ዝብል ጽቐጥ። እዚ እቲ ገንዘብ ይሰደድ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ቀጻሊ ህሞት እቲ ተቐባሊ ልክዕ እንተ ኾይኑ ክትቈጻጸር ትኽእል ኢኻ።



# C. እቲ ክፍሊት ንኽኽፈል ኣፍቅድ

1. ኩሉ እቲ ሓበሬታ ልክዕ እንተ ኣሎ ኾይኑ ርኣዮ። በቲ ናይ ድሕነት ኮድ (säkerhetskod) ጌርካ ክታምካ ኣንብር።





2. እቲ ናይ ጭሕጋር ምልክትን ዝወድቑ ከዋኽብትን እቲ ክፍሊት ከም ዝተፈጸመ የርእዩ።




# D. ብስዊሽ ክፈል - ተወሳኺ ብልሓት

1. ኣብቲ “Skicka med ett kort” ዝብል ጽቕጥ።




2. ነቲ ኣተሓሒዝካ ክትሰዶ ዝደለኻ ዓይነት ካርድ ምረጽ።



3. ኣብቲ ምስሊ ጽቐጥ። ዳሕረዋይ ገጽ ናይቲ ካርድ ክርኣ እዩ።

ንምሕራይ ኣብቲ "Välj kort" ዝብል ጽቐጥ




# E. ዊሽ - ታሪኽ (Historik)

1. ነቲ ብስዊሽ ዝሰደካዮን ዝተቐበልካዮን ንምርኣይ ኣብቲ "Historik" ዝብል ጽቐጥ።





2. ኣብቲ ትሕቲ እቲ "Alla" ዝብል ኩሉ ብመገዲ ስዊሽ ዝኣተወን ዝወጸን ትርኢ። ኣብቲ "Mottagna" ማለት ዝተቐበለ ወይ "Skickade" ማለት ዝተሰደደ እውን ክትጸቅጥ ትኽእል ኢኻ።




# F. ክወና(Inställningar) - ፍቱዋት፡ እቶም ብስዊሽ ምኽፋል ተዘውትረሎም


1. ኣብቲ ናይ ክወና (inställningar) ምልክት ጸቕጥ።





2. ኣብቲ "Favoriter" ዝብል ጸቕጥ።




3. ኣብቲ “Ny favorit” ዝብል ጽቐጥ።





4. ስምን ቊጽሪ ተሌፎንን ምላእ
ወይ ነቲ ናይ ርክብ ዝርዝር
(kontaktlista) ንቕድሚት
ኣውጺእካ ካብኡ ንምሕራይ ኣብቲ
ናይ ምድማር ምልክት ጽቐጥ።



5. ንምእታዉ ኣብቲ “Enter-pilen” ጽቐጥ።




6. እቶም ናትካ ፍቱዋት ወይ ምስዳድ ተዘውትረሎም ኣብቲ ናይ መርኣዪ ክፍሊታት፡ ብቐጥታ ኣብ ትሕቲ “Mottagare” ዝብል ጽሑፍትረኸቦም።



# 4. ናይ ድሕነት ሓበሬታ ካብ ፖሊስ

## ከተስተውዕለሉ ኣገዳሲ:

- ዝኾነ ሰብ ምሳኻ ርክብ ጌይሩ ነቲ ናትካ ባንክ ሳጹን (bankdosa) ወይ ባንክኢደ ንኽትጥቀመሉ እንተ ሓቲቱካ፡ ጨሪሽካ ከይትጥቀመሉ።
- ዝኾነ ዕቱብ ኣካል ኣብ ዝኾነ ግዜ ብተሌፎን ብዛዕባ ባንክኢደ ኣይሓተካን እዩ፣ ባንክ ይኹን፡ ፖሊስ ይኹን፡ ብዓል መዚ ጾስጣ።
- ዝኾነ ዕቱብ ኣካል ኣብ ዝኾነ ግዜ ብኢ-መይል ብዛዕባ ቃል-ምስጢር (lösenord) ኣይሓተካን እዩ፣ ባንክ ይኹን፡ ፖሊስ ይኹን፡ ብዓል መዚ ጾስጣ ይኹን፡ ማይክሮስፍት ይኹን ጉግል።
- ተሌፎን እንዳ ደወልካ ዝግበር ምጥፍፋእ ኣዚዩ እንዳ በዝሐ ከይዱ ኣሎ።
- ብዙሓት ሰባት ተታሊሎም ናይ ካርዶም ሓበሬታን ኮዳትን ብምሃብ ወይ ናብ ባንኮም ብምእታው ገንዘቦም ኣጥፊኦም ኣለዉ።
- ብሓደ ግዜ ብዙሕ ናይ ምእታው ፈተነ እንተ ተገይሩ፡ ኣብቲ ናይ ተጠቃማይ ኣፕ ብዛዕባ ዝተጠርጠረ ምጥፍፋእ ናይ ሓበሬታ መልእኽቲ ይመጽእ እዩ። ኣብ ከምዚ ኰነት ሽው ንሽው ምስ ባንክኻ ርክብ ግበር።



# Länsstyrelsen Skåne

Catharina Hellström Engström ሶደርበርይ፡ ተሌፎን 010-224 13 72
catharina.hellstrom.engstrom@lansstyrelsen.se

Lisbet Smolka Ringborg፡ ተሌፎን 010-224 16 36
lisbet.smolka-ringborg@lansstyrelsen.se

**ብዝያዳ ኣብ ናትና መርበብ ሓበሬታ ኣንብብ፤**
www.lansstyrelsen.se/skane/betaltjanster

*Enkel manual för Iphone på tigrinya*

ምስ ሽማግለታት ዞባዊ ምምሕዳራት ብምትሕብባር ዝተዳለወ።
ስእሊ፤ ዝበዝሓ ስእሊታት

Länsstyrelserna